# መጸዋዕታ ቅድስና

አነ እግዚአብሔር አምላኽኩም ቅዱስ እየ እሞ ንስኻትኩም ከአ ቕዱስናን ኩንይ (ሌዋ 19፡2)።

እግዚአብሔር ንኹሎም ፍጡራት ምስ ፈጠረ ሓደ ፍጡር ጥራሕ ንእኡ ዝመስል ዝውክሎ ገሩ ፈጢሩ እዚ ኸአ ወዲ ሰብ እዩ። ቅ. መጽሓፍ ነዚ ክነግር እንከሎ ንደቅሰብ ብአርአያኡን አምሳሉን ፈጢሩና። ንእኡ ክንመስል ንአና ዝርአየ ንእግዚአብር ክርኢ ወይ ክዝክር። አባና ዝርኢ ነገር አምላኽ ጥራሕ ክኸውን ዝተፈጠርና ኢና። ካልእ ክንመስል ድለት አምላኽ አይ ኮነን። ጸላኢ ገርና ካልእ ክንመስል ዝደሊ፥ ብቀዳሞት ወለድና ገሩ ካልእ ከም እንመስል ገሩና። በዚ ንአምላኽ ክንመስል ጻዕሪ ድለት አድልዩና። አምላኽ እውን ካልእ ክመስል ንዝደለየ ፍጡር አይጨከነሉን ነዚ ዘጥፍአ አምሳል ብዝበለጸ ከምልሰሉ ንሓደ ወዱ ልኢኹልና። ንአና መሲሉ ከማና ኮይኑ አብ መስቀል ተሰቒሉ ሞይቱ ካብ ሞት ተንሢኡ አድሕኑና ከምብሓዲስ ሓደስቲ ፍጥረት ገሩና። ብክርስቶስ ድሒና ካብ ዝነበርናዮ ምስ አምላኽ ዝበለጸ ርክብ ፈጢርና እዚ ድሕነት ንብሎ። ብሞቱ መዋስቱ ነቲ ዝጠፍአ ጸጋ ብዳግም ከም እንቕበል ገሩና፥ ባህሪ አምላኽ ከም እንሳተፍ ገሩና፥ አማልኽቲ ኢኹም ይብለና።

መሰረት ቅዱሳን ናይ ምኳን ጻዋዕታና አብዚ እዩ። መለክዒ ቅድስናን ናይ እግዚአብሔር ብርእሱ እዩ። ቅድስና ሓደ አርሒቕና እንርእዮ አብ መጨረሻ ሕይወትና እንበጽሖ አይኮነን። ዕለት ዕለት ክንገብሮን ክንለብሶን ክነብሮን ዘሎና ከም ዓላማ ሕይወትና ገርና ተኸታቲልና እንገብሮ እዩ። ግን ነቲ እነርእዮ ምዕባሌ ወይ ዕብየት ቅድስናና መዓቀኒ አለዎዶ? እወ አሎ እዚ ኸአ ምስ አምላኽን ምስ ከመና ዝበለ ሰብ ዘሎና ርክብ እዩ ዝውስኖ። ከመሎኹ ኢልካ ምሕታት አብ ቅድስና ክወስደና ይኽእል።

አምላኽ ኩሉ ጊዜ ነዚ ብወዱ ዝተዋህበና ጸጋ ክንቅበሎ ናትና ክንገብሮ ይደልየና። ሰብ ሸፉቲ ጠፋኢ ስለ ዝኾነ ከይጠፍእ ዘዘክሮ የድሊ። እዚ ንብዓል ኪዳነ ምሕረት እንገብሮ ዘሎና ታስዕቲ ካብቲ ጠፊእናዮ ተኸዊልናዮ ዘሎና ወጺእና አብ ቤትና አብ ስድራና አብ አምላኽ ክንምለስ ዘዘኻኽረና እዩ። ከምቲ አብ ዝሓለፈ ዝበልናዮ እንታይ እግበር አብ ቤተይ አብ ቅድስና ክምለስ ክንብል አሎና። መልእኽቲ አምላኽ ንጹር እዩ፥ አነ ቅዱስ እየ እሞ ቅዱሳን ኩኑ እዩ።

ታርኽ እስራኤላውያን ቅ. መጽሓፍ ከም ዝሕብረና ደጋጊሞም ንአምላኾም ዝጠለሙ ንዝተአቶ ኪዳን ዝዘንግዑ እዮም። አምላኽ ኩሉ ጊዜ ትእዛዛቱ ክሕልዉ ንሱ ዝደልዮ ኽገብሩ ብዝተፈላለየ መገዲ ይነግሮም ነሩ። ኢሳያስ ነቢ ነቲ አምላኽ ዝብሎ ምስማዕ ምስ አበዩ፡ እዚ ሕዝቢ እዚ ብአፉ የምልኸኒ ብኸናፍሩ የኽብረኒ፥ ልቡ ግና ኻባይ ርሑቕ እዩ፥ ንአይ ከአ በቲ ዝተማህርዎ ባህሊ ሰብ ገሮም እዮም ዘክብሩኒ ዘለዉ (ኢሳ 29፡13) እናበለ ካብቲ ሰናይ ዝገበረሎም ንዝኽሓዱ ብዛዕብኦም ይነግረና። ንሕና እውን ብግዳማዊ መገዲ ብአፍአዊ መገዲ ንአምላኽ እነኽብር እንአምን ንመስል ኢና ግን እቲ ሓቂ ከምኡ አይ ኮነን፥ አምላኽ ሎሚ እውን ውሽጥናን ደገናን ሓደ መልክዕ ለቢሱ አብ አምላኽ ክንምለስ ይደልየና።

ቅዱስ ማለት እንታይ ማለት እዩ? ቃል ንቓሉ ክትርጎም እንከሎ ዝተፈልየ ማለት እዩ። ካብ መን ዝተፈልየ? ካብ ክፍአት ዓለም፥ ካብ ሰይጣንን ካብቲ ባዕሉ ብዝፈጠሮ ንአምላኽ ካብ ምምሳል ዝኸልአ ዝተፈለ ማለት እዩ። ቅዱሳት ክንከውን ካብ ብዙሕ ነገራት ክንፍለ አሎና። አብዚ ምጭኽኻን እንተ አድለየ እውን ክንገብር አሎና። ኢየሱስ አብ ዝበለና አነ አብ ምድሪ ሰላም ከምጽእ ዝመጻእኩ

አይምሰልኩም ኲናት ደአ እምበር ሰላም ከውርድ አይመጻእኩን (ማቴ 10፡34-35)። እቲ ንጉሥ ሰላም እሞ ሰላመይ ህበኩም ዝበለ እንታይ ድአ እዩ ሰላም ከምጽእ አይመጻእኩን ዝብለና። እወ ብርግጽ ንሱ ንጉሥ ሰላም እዩ፥ እንተ ኾነ ነቲ ንሱ ዘምጽኦ ሰላም ከይንቕበል ወይ ክንሓድግ ንዝሓቱና እምቢ ክንብል ወላ እውን መቕርብና ናትና እንተ ኾኑ ክንአብዮም ከምዘሎና ክነግረና ኢሉ እዩ። ንሕና ሥጋ የጥቕዓና እዩ ንሓውናን ሓፍትናን ኢልና ንእምነትና ምስ አምላኽ ዘሎና ርክብ አብ ክልተ ኽልተ ንወርዶ ኢና። አብዚ እዩ እቲ ፍልልይ አብ አምላኽ ዘሎና እምነት ልዕሊ ኹሉ እዩ። በዚ እዩ ቅዱስ ክትከውን ካብቲ ኩሉ ካብ ክርስቶስ ዝፈልየካ ክትፍለ አሎካ ዝብሃል።

በነዲክቶስ መበል 16 ሓደ እዋን አብ ብዓል ኩሎም ቅዱሳን አብ ዝሰበኾዎ ቅድስና ቀጻሊ ጻዕሪ ይሓትት፥ ግን ብነፍሲ ወከፍ ዝክአል እዩ፥ ምኽንያቱ ካብ ቀንዲ ናይ ሰብ ጻዕሪ መጀምርታን ቀንዲ ህያብ ካብ አምላኽ እዩ ይብሉ። ኩልና ዝዓበና ዝንአስና አምላኽ ንቕድስና ዕለት ዕለት ይዕድመና። ኢየሱስ መገዲ ቅድስና ከስተምህር እንከሎ ዕለት ክስዕበኒ ዝደሊ ኩሉ ክሒዱ ዕለት ዕለት መስቀሉ ጸሩ ይስዓበኒ ኢልና። ቅድስና ላንጋ ላንጋ ዘይምዃን፥ አብ ዝአመኖ ዘለቕ መለቕ ወይ ክሰማማዕ ዘይፍትን፥ መንገ መንገ ስምዒት ወይ ውዑይ ወይ ዝሑል ዘይኮነ ምንኩሉ ብቱክ ዘይምዃን እዩ። ቅድስና ንጹር ራእይን ዓላማ ዘልኦ ንኢየሱስ ምምሳል እዩ።

ቅ. ጳውሎስ ከምቲ አነ ንክርስቶስ ዝመስሎ ዘሎኹ ንስኻትኩም ንአይ ምሰሉ (1ቆሮ 11፡1) ይብል። ጳውሎስ ሓንሳብ ምስተለወጠን አመነን ድሕሪ አይበለን፥ ንክርስቶስ አብ ኩሉ ሰቢኽዎ፥ አነ ነቲ ዝተሰቕለ ክርስቶስ እየ ዝሰብኽ እናበለ መንነቱን ዝኽተሎን ገሊጹ። አብ ኩሉ ንኹሉ ሰቢኹ አብ መጨረሻ ንዝነበሮ ተስፋ ኽገልጽ እንከሎ፥ ሠናይ ገዲሊ ተጋዲለ እየ ጒያይ ወዲአ እየ፥ ነታ እምነት እውን ሓልየያ እየ፥ ደጊም እቲ ቕኑዕ ፈራዲ ዝኾነ ጎይታ በታ መዓልቲ እቲአ ዚህበኒ አኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ አሎ (2 ጢሚ 4፡7-8) እናበለ ሓደ በቲ ዝአምኖ ዝተጓዕዘ ዝረኸቦ ይገልጽ፥ እዚ እዩ ንአይ ምሰሉ ዘበሎ። አባይ ዘሎ ዝገብሮ ዘሎኹ ዝዛረቦ ኩሉ ናይ ክርስቶስ እዩ ክሳብ ምባል ክሳብ ዘይበጻሕና ጉዕዞና ነውሕ እዩ ዘሎ።

አብዚ ሕይወት ወይ ናይ አምላኽ ወይ ናይ ሰይጣን ምዃን እዩ ዘሎ፥ ባዕሉ ጎ.ኢ.ክ. ንኽልተ ጎይቶት ኽግዛእ ዝኽእል የልቦን ከመይ ንሓደ ኺጸልእ ነቲ ሓደ ኺፍቅር እዩ፥ ወይ ክአ ነቲ ሓደ ኬኽብር ነቲ ሓደ ኬሕስር እዩ፥ እምብአር ንአምላኽን ገንዘብን ክትግዝኡ አይትኽእሉን ኢኹም (ማቴ 6፡24) እናበለ ንአምላኽ ምምራጽ ከም ዝኾነ ምርጫና ይነግረና። ሕይወትና አብ ምምራጽ ዝረባረብ እዩ ዝነብር፥ አብ መንገ ክፉእን ጽቡቕን፥ ፈተና ኩሉ ጊዜ አሎ ስለዚ ኩሉ አብ ቅድመና አሎ እንመርጾ ናትና ውሳኔ እዩ ስለዚ ንመን ንምረጽ።

አብ መጽሓፍ ዘዳግም 30 ሙሴ ቅድሚ ምማቱ ንእስራኤላውያን ካብ ሕይወትን ሞትን ሓደ ክመርጹ ነጊርዎም ሎሚ ሕይወትን በረኸትን ሞትን ጥፍአትን አብ ቅድመኹም አንቢረልኩም አሎኹ. . . እምብአርሲ ንስኻትኩምን ዘርእኹምን ብሕይወት ክትነብሩ ሕይወት ኅረዩ፥ እናበለ ቅድስና ሕርየትና ከምዝኾነ ይነግረና። ሎሚ እውን ንመን ክንመርጽ ከምዘሎና አነጺርና ክንውስን አሎና።

ቅዱስ ምዃን ማለት እተፍቅር ምዃን ማለት እዩ። አብ ዘሌዋውያን ቅድስና ዝልካዕ በቲ ምስ አምላኽን ሰብን ዘሎካ ርክብ ከም ዝኾነ ይገልጸልና። ንሓውኻ/ንብጻይካ ከም ነፍስኻ አፍቅር ይብል፥ አብ ብሉይ ኪዳን ብጻይ ዝብሃል ንከማኻ አይሁዳዊ እዩ ዘስምዕ ነሩ ፥ አብ ትምህርቲ ክርስቶስ፥ ጳውሎስን ያዕቆብን

ግን ንዝኾነ ፍጡር ወድሰብ እዩ ዘስምዕ፥ ንሕና እንአምኖ እውን ንሱ እዩ፥ ግን አብ ሓቂ ከምኡ ድዩ ዘሎ።

አብዛ እንነብራ ዓለም ሓደ ካብቲ ዝኸፍአ ወድሰብ ዝሳቐዮ ዘሎ ዓለተይ ዓለትካ ወገነይ ወገንካ እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። ሰብ ካብ ሰብ ዝበልጸሉ ወላ ሓንቲ ነገር የብሉን፥ ካብ ካልእ ሰብ እበልጽ ንበልጽ ዝብል እንተሎ እቲ ዝደኸመ ርድኢት ሕጊ አምላኽ ዘለዎ፥ ሕልንኡ ዘጥፍአ እዩ። ሰባት ንሕና ዝበለጽና፥ ዝሰልጠና ዝነፋዕና፥ መራሒ ዝኸውን ካባና ጥራሕ እናበሉ ዝሓስቡ መንፈስ አምላኽ ዘይብሎም አብ ጸላም ዝነብሩ እዮም። ዘመነ ባርነት ካብ ዝሓልፍ ሰብ ከም ባርያ ዝሸየጠሉ ዝነበረ ናይ ትማሊ ታሪኽ እዩ፥ እቲ ዝነበረ ዕላዊ ዕዳጋ ባራዩ እኳ እንተ ተረፈ ዘመናዊ ባርነት ንዓለም የሳቕያ አሎ፥ አሕዋትና ከም አቕሓ ይሸየጡ አለዉ፥ ንገንዘብ፥ ንወሲብ፥ ንጥቕሚ ክንደይ መንእሰያት ይእሰሩን ይሸየጡን አለዉ። እዚ ንከማና ሰብ አብ ደረጃ እንስሳ ዘውርድ ዝዓበየ ኃጢአት ዘመና እዩ። ነዚ አተሓሳስባ ከየጥፋእና ቅድስና ክነግስ ከቢድ እዩ።

እዚ እሞ እንታይ ንአና ዘመልክት አልኦ ንብል ንኸውን፥ ሓቂ ክንዛረብ ንሕና እውን ይዕበ ይንአስ አብ ከምዚ ኃጢአት ወይ ስምዒት ንአቱ ኢና እዚ ካብዚኦም እዚአ ካብዚኦም እናበልና ንሰባት እንፈላሊ አሎና ክንሓውየሉ ዘሎና ቍስሊ እዩ። ኲልና ብሓደ ክርስቶስ ዝደሓና ደቂ ሓንቲ አደ ኢና። ብዓልና ምሉእ ትርጉም ክህልዎ ብምሉእ ክነጽሕ አሎና። ብዓይኒ ጽልእን ሕመታን ንርኢ እንተ ኾና ካብ አምላኽ ርሒቕና አሎና።

ማርያም ቅድስት ንብላ ምኽንያቱ በቲ ዘርአየቶ እምነትን፥ ትሕትናን ንአምላኽ ሕራይ ብምባላን። አብ ሕይወታ ዓበይት ስቓያትን ውርደትን ስደትን አብ መጨረሻ ሞት እትፈትዎ ወዳ አብ ቅድሚአ ተዋሪዱ ብሞት መስቀል ክሓልፍ ዝርአየት እያ። ነዚ ሓሊፋ አብ ፍቕሪ ወዳ ዝጸንዐት አደ ስለ ዝኾነት ቅድስት ንብላ። ንሕና ደቂ ማርያም ብዓልና አብ ቅድስና ክወስደና አሰር ማርያም ክንክተል አሎና። ልብና ክነጽሕ ግብርና ኲሉ መስካሪ ክርስቶስ ክኸውን መብጽዓና ንሓድስ።

ብዓልና ናይ ቅድስና ብዓል እንገብሮ በቲ እንህልዎ ሕይወት እዩ። ቅዱስ ዘሎኹ ኢልና ንርእስና ሓቲትና ሓቀኛ መልሲ ክንህብ ይግባእ። ሰብ ክቕደስ ቍርቡ ጊዜ ክወስድ አለዎ። ሕልንኡ፥ አካይድኡ፥ ምስ አምላኽን ሰብን ዘልኦ ርእዩ ክኽእል አለዎ። ቅድስና ብባህጊ ክንከዶ የብልናን፥ አብ ግብሪ ክነብሮ አሎና፥ እዚ ኸአ ንኹሉ ርኹስ መንፈስ ሓዲግና አብ ምሕረት አምላኽ ክንምለስ ከሎና እዩ ዝኸውን ነዚ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ።